# ሓባራዊ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ራእይን ስትራተጅን
## ፖለቲካዊ ባህሊ
## ሰልፋዊ ወይ ውድባዊ ፖለቲካ

ኣንቶንዮ ተስፋይ

3 ሚያዝያ 2017

ቅድሚ 15-20 ዓመት ኣቢሉ ይኸውን ብርግጽ፡ ብመሰረቱ ድማ ካብ 1991 ዓም ድሕሪ ታሪኻዊ ነጻነት ኤርትራ ብውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ስደት ዝነበረ ሃገራዊ ኤርትራዊ ዜጋ ፍሉይ ጠለባት፡ ፍሉይ ሕቶታት ዘቅርበሉ ዝነበረ እዋን ሎሚ ክዝክሮ እንከለኹ፡ ኣብ 1993-1994 ኣብ ተጋደልቲ ብፍሉ፡ ብሓፈሻ 1998-2001 ኣብ ህዝብናን መራሕትን ዝተረኽበ ጅምላ ማእሰርትን ጭውያን ከይኣክል፡ መቑጻሪ ዘይብሉ ወራሲ ሕድሪ መጻኢ ወለዶ ሃገር ኤርትራ ንስደት ኣምሪሑ ተባሂሉ ብቀሊል ዝሕለፍ ዘይኮነስ ንዓለም ብዓለሙ ዘንብዐ ታሪኽ ስደት ዓለም ኣብ ኤርትራውያን በቲ ዝኸፈአ መልክዕን ኣገባብን ኣተሓሕዛን ክግለጽ ዝጸንሐን ክሳብ ሕጂ ኣሰረቱ ዘይሃሰሰ ዝተራእየሉ መዋእል፡ መራሕቲ ሃይማኖታት፡ ሸማግለታት ዓዲ፡ ኣረጋውያን፡ ኣደታት ኣቦታት ዝሳቐዩላ ሃገር፡ ወግሐ ጸብሐ ብዕለታዊ ማሕበራዊ ናብራን፡ ማሕበራዊ ፍትሒ እህህ ዝብል ዘሎ ህዝብና፡ ብዘይርትዕን ክስን ንምእንቲ ስልጣን ምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ ኣብ ፈቖዶ ጐዳጉዲ ተኣሲሩ፡ ሓይልን ፍልጠትን መንእሰይ ኤርትራ ብከንቱ ክባኽን፡ ከም ሳዕበን ብዅራት ሃገራዊ ቅዋም፡ ሕጋዊ ኣካይዳ ተዘሪብሉ እዩ። ኣብ'ቲ ግዜ እቲ ንሕጋውን ፍትሓውን ምሕደራ፡ ቅዋማዊት ኤርትራ ክርኢ ዝደሊ ዝነበረ ሓይልታት ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሳዕቤና ክዛረበሉን ክሓተሉን እንከሎ፡ ክሰምዖን ብዛዕብኡ ክሓስብን ዘይደሊ ክፋል ሕብረተ ሰብና ነይሩ እዩ። ሕጋውን ፍትሓውን ምሕደራ እንተዘይሃለወ ከኣ ፍቶ ጽላእ፡ ግፍዒ፡ ፍርሒ፡ ራዕዲ፡ ማእሰሪት፡ ጥምየት፡ ስቓይ ዓመጽ ዘርዚርካ ዘይውድኡ ክጥቀሱ ዘይክእሉ ውርደት ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ክወርድ ምኻኑ ርዱእ ነበረ።

ይኹን'ምበር፡ እቲ ኣብ ኤርትራን ህዝባን ዝነበረ ፍርሓትን ስግኣትን ስግኣትን ግሁድ እንዳኾነ ምስ መጸ፡ ብግስ ክብል እንከሎ ካልእ ኣገባብ ክንወስድ ዶ ኣይነበረናን ዝብል ሓሳብ'ኳ እንተመጸ፡ በቲ እዋኑስ ንዝሰምዕ ዘበለ እኹል ተረፍ ተዘሪብሉን ተጻሒፍሉን ከም ዝነበረ ትዝ እብለኒ። ዳግማይ ክትሓስበሉ እንከሎኻ ግን ገገለ ዝጐደለ ምንባሩ ክትርኢ ዝገብረካ ጉዳያት ኣሎ።

እንተኾነ ነቶም ኣብ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዓመጽ ከይወርድ ዝዛረቡ ዝነበሩ፡ ደገፍቲ ስርዓት ህግዲፍ " ኣፍኩም ከልቢ......" ይብልዎም ነበሩ፡ ድሕሪ እዚ ኩሉ መከራ'ውን ክሳብ ሎሚ ለይቲ ከምኡ ዝብሉ ኣይተሳእኑን ጥራሕ ዘይኮነስ ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። እዚ ክብል እንከለኹ፡ ገገለ

ዘተሓሳሰበኒ ጉዳያት ብዙሕ ግዜ'ውን ሓሳባተይ ንህዝቢ ዘካፍሎ፡ ሎሚ እውን እንተኾነ ከካፍል ኣውራ መበገሲ ወይ መንቀሊ ዝኾነስ ጉዳይ መላኺ ስርዓት ህግዲፍ ዘይኾነስ ኣብ'ቲ ክሊ ንደሞክራሲ ለውጥን፡ ሕጋውን ፍትሓውን ምሕደራ ዝጠልብ ኣብ ደምበ ተቃውሞ ንዘሎ ህዝብና ፡ ብፍላይ ብፍላይ ብመራኸቢ ብዙሓት ብመንእሰያት ዝካየድ ኣሉታዊ ዳርባ ዘረባታት፡ ንሓያልን ሓቐይና ፖለቲካዊ ተቃውሞ ንምቅያሩ ዘልዓሎ ሓሳብ እዩ ክበሃል ይከኣል። ንኣንባቢ ከይሰልከኹ ከኣ ብዝሕጽር ዝበለ ብኽም'ዚ ዝስዕብ ከቅርቦ እደሊ።

እዞም ከም ኣርእስቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ዓበይቲ ጉዳያት፡ ዝተፈላልዩ ቦታን ሓላፍነት ዘለዎም፡ ግን ከኣ ኣብ መስርሕ ሓደ ሃገር ተነጻጺሎም ክኸዱ ዘይክእሉ መሰረታውያን መስርሕን ኣሰራርሓን ፖለቲካ እዮም። እዞም ጉዳያት ብዝሒ ዝፈላለይሉን ዝራኸብሉን መስርሕ ሓደ እዩ ክበሃል እኳ እንተተኻእለ ሓላፍነታዊ ደረጃታቶም ግን ፍጹም ዝተፈላልየ እዩ።

*ሀ- ሃገራዊ ፖለቲካዊ ራእይን ስትራተጅን*

*ሃገራዊ ፖለቲካዊ ራእይን ስትራተጅን* መን ዝውንኖን እዩ ዝህንድሶን ዝቀርጾን ዝብል ሕቶ ክመጽእ ይኽእል እዩ። ይኹን'ምበር *ሃገራዊ ፖለቲካዊ ራእን ስትራተጅን* ወትሩ ካብ ክውንነት ኣመሰራርታ እታ ሃገርን ከባቢ ህጋኣርን ኣብ ግምት ዘእተወ ዝመንጨወ ኮይኑ፡ ኩሉ ኣካላት ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ብማዕረ ዝሳተፈሉ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ዕብየት፡ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ንድሕነቱ ውሕስነት ዘረጋገጸሉ፡ ፖለቲካዊ ምርግጋእ፡ ሰላምዊ ሂወት ዝመርሓሉ፡ ኣብ ሓባራዊ ረብሓ ዝተመርኰሰ ንግዳማዊ ዝምድናታት ዘንጸባርቕ *ሃገራዊ ፖለቲካዊ ራእይን ስትራተጅን* ዘጽደቐ፡ ኮይኑ፡ ልዕሊ ኩሉ ስልጣን ኣብ ሕቑፎ ህዝቢ ዝገበረ ኮይኑ ብተግባር ምስ ዝስርሓሉ።

ወዮ ደኣ ድሕር'ልና ክጠቅሶን ክንዛረበሉን ክንጽሕፎ'ና እምበር፡ ሓደ ሰልፊ ይኹን ውድብ ወይ'ውን ውልቀ ሰብ ብዛዕባ ዋነንት ንድፍን ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ *ሃገራዊ ፖለቲካዊ ራእይን ስትራተጅን* ክጽሕፍ ይኽእል እዩ። ሙሉእ መሰልን ሓርነት ከኣ ኣለዎ። እዚ ሰልፋዊ፡ ውድባዊ ወይ ውልቃዊ ፖለቲካዊ ራእይ ግን ምስ'ቲ ካልእ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ህዝብን ዝቃዶ ምስ ዝኸውን ጥራሕ'ዩ። ሓደ ሰልፊ ይኹን ውድብ ግን መቀጸልታ ዘይብሉን ንበይኑ *ሃገራዊ ፖለቲካዊ ራእይን ስትራተጅን* ክውንን ኣይክእልን'ዩ። ገገለ ካብ'ቲ ዓብይ ጸገም ደመበ ተቃውሞ ከኣ ኣብ'ዚ ሸነኽ ዘሎ ኮይኑ ይስምዓኒ።

*ሃገራዊ ፖለቲካዊ ራእይን ስትራተጅን* ብዝተፈላልዩ ፖለቲካዊ ዝምባለታት ወይ ፖለቲካዊ ፍልስፍና ዘለዎም ባእታታትን ሓይልታትን ዝነቕለ እንተኾነ፡ ከይዱ ከይዱ ሓድነቶም ዓቂቡ እቲ ኩሎም ብሓባር ክሰርሕሉን ክረብሕሉ ዝኽእሉ ኣንፈት ኣውንታዊ መዳያት፡ ንትግባረ ኣብ ባይታ ክስርሓሉ ተመራጺ ኣብ ዝኾነሉ ኣብ ቅዋም ክሰፍርን፡ ነዚ ርእይቶን ሓሳብን ኣግባብ ዘቕረቡ ህዝቢ ይኹን ፖለቲካዊ ሓይሊ፡ በቲ ርእይቶኦም ሓሳቦን ግን ከኣ ኣብ ቅዋም ዝሰፈረ ሕጊ ክምእዘዙን

ክቕየዱን ድልውነቶም ማሕላታቶም መብጽዓታቶም ኣብ ዝፈጸምሉ እዋን ጥራሕ እዩ። ነዚ ጉዳይ ከኣ ብዙሕ ዝተዘርበሉ ስለ ዝኾነ ሓደን ክልተን ኢልካ ንድሕሪ ተመሊስካ መግለጺ ዘድልዮ ኣይመስለንን። ብሕጽር ዝበለ ግን ስልጣን ካብ ህዝቢ ንህዝቢ፣ እዚ ማለት ከኣ ኣብ ዝተወሰነ ዓመታት ባይቶ ኤርትራ ብህዝቢ ክምረጽ ማለት እዩ። ህዝባዊ ስልጣን ከኣ ንሱ እዩ። ስልጣን ባይቶ፣ ስልጣን ፕረሲደን፣ ስልጣን ቀዳማይ ሚኒተር ኩሉ ግዜ ትሕቲ ስልጣን ህዝቢ ምኳኑ ተኣሚኑ ኣብ ቅዋም ሰፊሩ ምስ ዝስርሓሉ ከኣ ኣብ'ቲ ሃገርን ህዝብን ምርግጋእ፣ ሰላም፣ ዕብየትን ስልጣነን ክረአ ይኽእል።

ለ- ፖለቲካዊ ብዙሕነት ባህሊ

ኣብ ሓደ ሕብረተ ሰብ ዓለም፣ ብፍላይ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ብዛዓብ ባህሊ ኣልዒልና ክንዛረብ ከሎና ኣዝዩ ሓድሽ ኣይኮነን። ከም'ቲ ቅድም ክብል ዝጠቐስክዎ ክውንነት ህዝቢ ኤርትራ ርእኻ ዝሕንጸጽን ዝትለምን'ዩ። ዋንነት ኤርትራ ዝተፈላልየ ሕብረተ ሰብኣዊ ጉጅለታትን ሕብረ ብሄራዊ ኣቋውማ ዘለዎ ሃገር ስለ ዝኾነ ግድነት'ዩ ብዝተፈላልየ ባህሊ ክዓብን ክህነጽን። ኣብ'ቲ ፖለቲካዊ ቅርጻ'ውን ነዚ ጉዳይ መሰረት ዝገበረ ስልጣንን ሓላፍነትን ምሕደራን ክህሉ ዘለዎ ንብል። እዚ ኣካላዊ ድዩ ሕጋዊ ህላውነት ብዙሕ ዘካትዕ እኻ እንተ ኾነ፣ ተመራጺ ሕጋውነት ቅዋምነት እዩ ብዝያዳ ነቲ ሰላምን ፍትሕን ሕጋውነት ከረጋግጽ ዘብቕዕ። ይኹን'ምበር ከም ዝመስለኒ ኣብ መብዛሕትና እቲ ኣካላዊ ባህሊ ካብ ሕጋዊ ብዙሕነታዊ ባህሊ ዝመንጨወ ኣቃውማ ክንደፍኣሉ ዘስምዕ ቃና ዘይጋጥም ኣይኮነን።

ንመረዳእታ ካብ ሓደ ቋንቋኻ ዝዛረብ እሞ ብፖለቲካዊ ብዙሕነት ባህሊ ዘይቅየንድን ዘይምእዘዝን፣ እቲ ብፖለቲካዊ ብዙሕነት ባህሊ ዝቅየድን ዝምእዘን ሕጋውነት ዝምረጽን ዝበልጽን ምኳኑ ምፍላጥ የድሊ። ንምንጻሩ ኣብ'ዚ ጉዳይ እቲ ኣውራ ሕጊ ወይ ቅዋም እምበር ኣካል ኣገዳነት ከም ዘይብሉ'ውን ምፍላጡ ኣገዳሲ'ዩ። ዝኾነ ኣካል ኣብ ትሕቲ ቅዋምን፣ ሕጋዊ ኣሰራርሓ ስልጣን ህዝቢ ተቀቢሉ ክሳብ ዝኸደ ስማዊ ግዜያዊ ገደብ ዘለዎ ሓልፍነት ኣገዳስነት የብሉን። ህዝቢ ነቲ ኣውራ መሳርሒ ስልጣኑ ከም ልጓም ምምሕዳሩ ኣጽኒዑ እንተሓዘ ካልእ ክኣልዮን፣ ክሰርዕን ዝኽእል ግዜያዊ ጸጋማት ጥራሕ እዩ ክመጾ ዝኽእል።

ካልእ ካብ'ቲ ውድባውን ሰልፋውን ፖለቲካዊ ብዙሕነት ባህሊ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ኣዝዩ ነዊሕን ኣሙቕን ድሕረ ባይታ ዘለዎ ታሪኽ ሰባት ከም ዘሎ'ውን ክንዝንግዖ ስለ ዘይብልና፣ ከም ተራ ሰባት ኣብ'ዚ ዘሎና ተራን ግደን ፖለቲካዊ ብዙሕነት ባህሊ ክህልወናን፣ ከም ተራ ህዝቢ ንወደብ ኣይንወደብ፣ ንሰራዕ ኣይንሰራዕ ቀጥዕን ኣካይዳን ክህልወና ግድነት እዩ። ርእይቶን ሓሳብን ንሰብዓሉ ግዜ ክህልዎን ክንህበሉን፣ ርእይቶናን ሓሳብናን ንህበሉን ነስማዓሉን ግዜ ክህልዎን ክንህበሉን። ኣብ'ቲ መንገጎ ንሰምዖ ርእይቶን ሓሳብን፣ ንህቦ ርእይቶን ሓሳብን ዘሎ ፍልልያት ብምክብባር፣ ብሚዛን፣ ብገምጋምን ብረሓ ህዝብን ሃገርን ገምጋም ኮይኑ፣ ክቀርብ ምስ ዝከኣል ጥራሕ እዩ፣ ኣብ ሓደ ፖለቲካዊ ብዙሕነት ባህሊ ደረጃ በጺሕና ክንብል ንኽእል። ኣብ'ዚ ሎሚ ኩሉ ዘርከበ፣ ዓይኒ የብለይ ስኒ የብለይ፣ ንሃገርን ህዝብን ይጥቀም ኣይጥቀም ግድነት ኣነ ክዛረብ ኣለኒ፣ መሰለይ እዩ ተባህሉ ዝኸይድ ፖለቲካዊ ብዙሕነት ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ልዕሊ ኩሉ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ዝኽሕድ፣

ዘነኣእስ፡ ዝዝልፍ፡ ኣካል እታ ፍትሓዊት ኤርትራ ክኸውን ኣይክእልን። ኣብ ታሪኽና ኣሉታዊ ምዕራፋት ዝተጋህድሉ'ኳ እንተሃለዉ ብዝተጻንዐን፡ ብገምጋምን ኩሉ ክዓግበሉን ክሳተፈሉን ብዝኽእል ደረጃ ዝተሰነደ፡ ነቲ ገገለ በጨቅ ዝብል ጸረ ፖለቲካዊ ብዙሕነት ባህሊ ከነወግዶ ንኽእል። እዚ ክሳብ ዘየተገበረን ዘተኣመነሉን ከኣ ኣብ ኤርትራ ለውጢ ክርከብ በየናይ መንገድን ኣገባብን'ዩ እሞ። ኩልና እንተዓንቲርና፡ ኩልና ብኣገባብን ዘይኣገባብን ርእይቶናን ሓሳብናን ግድነት ክትግበር ኣለዎ በሃልቲ እንተኾይናስ፡ ህግዴፍ ካብ ስልጣን ካብ ዝእለየሉ ግዜ'ውን ተግባራዊ ዝኾውን ኣይኮነን።

ፖለቲካዊ ብዙሕነት ባህሊ ብቀጥታ ምስ ዝተወደብን ዝተሰርዐን ባእታን ኣተሓሳስባን ዝተዛመደ ኣይኮነን። ከም ተራ ዜጋታት ክህሉ ዝኽእል ርእይቶን ሓሳብን ዝተጸንዐን ዝተሰርዐን ኣገባብ፡ ብምክብባርን ተጽዋርነትን ቦታን ግዜ ዝስእን ኣይኮነን። ብኣንጻሩ ብፖለቲካዊ ብዙሕነት ባህሊ እንተኸይድና፡ ሽግርና ዝፍትሓሉ፡ ዓቕምታትና ዝሕይለሉ፡ ሓድነትና ዝድልድለሉ እዩ ዝኸውን።

ብፍላይ እዞ ሎሚ ምስ ዝነፈሰ ንፋስ ዝነፍሱ፡ ንሃገርን ህዝብን ዘየድሊ ወግዕታት ከም ኣውራ ጸገም ህዝቢ ኤርትራ ገይሮም ብምቅራብ ግዜ ዝተበደለ ህዝብና ዝወስዱን ዘባኽኑ ዘለዉ፡ ነታ ከም ብዕሪር ኣብ ኣፎም ዘኳማስዕዋ ዘለዉ፡ ጽባሕ ንግሆ ንኣሽቱ ኣሕዋቶምን ደቆም ንስኻትኩም ሽፋቱ ኢኹም ነይርኩም እዮም ዝብልዎም። ንወደይ ወይ ጓለይ ኣቦታተይን ኣያታተይን ሽፋቱ እዮም ነይሮም ኢለ ሃገር እንተዘኣረኪበዮ፡ ኣቦይ ወዲ ሽፋት ነይሩ እዩ ክብል። ስለዚ ነቶም ብሃልቱ'ውን ዘናሕስን ዝገድፍን ዘረባ ኣይኮነን።

ፖለቲካዊ ብዙሕነት ባህሊ ነዚ ቅሩብ ቁራቦ ዝጠቀስክዎ ትሕዝቶ ጥራሕ ኣይኮነን ዝገልጽን። ግን ብቀሊሉ ንመረዳእታ ክኸውን ዘቕረብክዎ እንተዘይኮይኑ። ፖለቲካዊ ብዙሕነት ባህሊ ብተጸዋርነት፡ ብግዜ፡ ብመሰል፡ ብማዕረ ክንጓስዮን ክናብዮን እንተዘይክእልና ተመሊሱ ንዓና ከም ውሕጅ ጸራሪጉና ዘጥፍእ'ምበር ዘድሕነና ኣይኮነን።

ሎሚ ኣብ ፈይስ ቡክ ዝኸይድ ዘሎ ኩሉ ምስ መሰል ዝተእሳሰረ ደኣ ይኹንምበር ኣውራ ብዛዕባ ፖለቲካዊ ብዙሕነት ባህልን፡ ኣገባብን ኣካይድና፡ ቅርጺ፡ ቀጥዒ ዘይብሉ ክሳብ ኣብ'ቲ ክትዕ ዘይተሳተፉ ክቡራት ወለድና ብዘይገለ ምኽንያት ስሞም ክለዓል ነንብብን ንሰምዕን ኣሎና። ኣዝዩ ዘሕነ ከኣ እዩ።እዚ ኩሉ ኣብ ምንቲ ምንታይ እዩ፡ ፖለቲካዊ ብዙሕነት ባህሊ ኣረኣያ ስለ ዘይብልና፡ ሓሳብን ርእይቶን ክንጸውር ስለ ዘይንኽእል። ግዜ ስለ ዘይንህበሉ፡ ግዜና ተጸቢና ብግንዛበን፡ ገምጋምን፡ ምርምርን፡ ሓሊዮትን ክነቕርብ ስለ ዘይንሓስብ'ዩ። ኣብ ውሽጠይ ከኣ እቶም ኩሎም ዝዛረቡ ብዝውሽጦም ከም ዝጠዓሱን፡ ብውሽጦም ከም ዝናስሑን፡ ብውሽጣዊ ሕልንኦም ከም ዝሓዝኑን ባዕሎም ከም ዝቅጽዑ ከም ዝኾኑ ይርድኣኒ፡ ከምኡ ኮይኑ ከኣ እስማዕኒ።

ሐ- ሰልፋዊ ወይ ውድባዊ ፖለቲካ

ሰልፋዊ ወይ ውድባዊ ፖለቲካ፡ ከም'ቲ ልዕል ክብል ዝገለጽክዎ፡ ሓደ ልክዕ ነቲ ሓባራዊ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ራእይ በይንኣዊ ዋንነት ዝጨበጠ ኮይኑ ስለ ዝስምዖ፡ ብዝኾነ መንገዲ ካባይ ዝሓሸን ዝበለጸን ውድብ የሎን ክብልን ኣብ ኣካይድኡ ስርሓቱን ዕውትን ኮይኑ ይቀርብ። ልክዕ እዩ ኣብ ሓደ ሰልፊ ይኹን ውድብ ሓያል ጥምረት፡ ሓያል ሰልፋዊ ውድባዊ ሓድነት ሓሊዮት ምክብባር ክህሉ ይኽእል እዩ፡ ኣሎ'ውን። እዚ ኣካይዳ ግን ኣብ ውሽጢ'ቲ ሰልፊ ጥራሕ ዝሰርሕን ንግዳም ዘየንጸባርቕ ኣገባብ ኣሰራርሓ እንተኾይኑ ንቅድሚት ክትስጉም ዘኽእል ኣይኮነን።

ሓደ ውድብ ወይ ሰልፊ ንዝሕልፎ ፖለቲካዊ ውሳኔታት ክሳብ ኣብ ቅዋማዊ ምሕደራ ዘለዋ ሃገር ዝረጋገጽን፡ በቲ ኣብ ቅዋም ዝሰፍር ዓንቀጻት ትግዛእን ትምእዘዝን፡ እቲ ውሳኔ ውድባዊ ወይ ሰልፋዊ ውሳኔ ጥራሕ'ዩ ዝኸውን። ብፍላይ ከኣ እቲ ሰልፋዊ ወይ ውድባዊ ውሳኔ ከኣ ንነዊሕ ዝጠመተ ምስ ዘይኸውን ምስ ኩሉ ሕጽረታቱ ምስ'ቲ ሃገራዊ ሓባርዊ ፖለቲካዊ ራእይ ዘይዛመድ ኮይኑ፡ ድሕሪ'ቲ ቅዋማዊ ምሕድራ ኣብ ኤርትራውን፡ ነቲ ሰልፊ ወይ ውድብ ዘገልግል'ምበር ንህዝቢ ሃገር ዘገልግ ዘይኸውን ፖለቲካዊ ሞዴል እዩ ዝኸውን።

ሰልፋዊ ወይ ውድባዊ ፖለቲካ ገደባት ኣለዎ፡ ንስልጣን ህዝቢ፡ ንሕቶ ህዝቢ ምእማን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ህዝቢ ዝውንኖም ሃገራዊ ሕቶታት ንህዝቢ ክግደፍ ዘለዎም ጉዳያት እዮም። ዝኾነ ሰልፊ ወይ ውድብ ኣብ'ቲ ህዝባዊ ሕቶ ኣብ ምዕዋቱ ንምሕጋዝን ንምትሕብባርን ከም ፖለቲካዊ ውሳኔ ክሕልፍ ኣውንታዊ እዩ፡ ግን ንሃገራዊ ሕቶ ከም ሕቶን ውሳኔ ሰልፍን ጥራሕ እንተወሲዱ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ቅድሚ ህዝቢ ሓሊፉ ንዝወሰዶ ውሳኔን መልስን፡ ንህዝቢ እንታይ ሕቶ ኣለኻ ክብል ዘይኮነስ፡ ንህዝቢ ነዚ ውሳኔ ሰልፊ ኣተግብር እዩ ክብል ዝኽእል።

ገለ ፖለቲካውያን ነዚ ዓይነት ሰልፋዊ ወይ ውድባዊ ውሳኔ ከም መከላኸሊ ሰልፋዊ ስልጣንን ሓይልን ኢሎም ዝገብርዎ'ሎም ይዛረቡ እዮም። እዚ እንተኾይኑ ከኣ ሰልፍታትን ውድባትን ሕቶታት ሓዋዊሶም፡ ደረጃ ብደረጃ ሓላፍነት ሰልፍን ውድባትን ቦታ እንተዘይሂበሉ እዋናዊ ፍታሕ ክርከብ ዘጸግም'ዩ።

ምእንቲ'ዚ ኣብ'ዚ ዝተፈላየ ደረጃ ሓላፍነት ዘለዉ ሕቶታት፡ ቦታን ግዜን ክንፈልዮሎምን፡ ሰልፋዊ ወይ ፖለቲካዊ ውሳኔ ዝዓግት ዘሎ ዝዕንቅፍ ዘሎ ምእላይ ዝቀለለ ይኸውን። እዚ ሓድሽ ጉዳይ ኣይኮነን። ግን ተተመሊሱ፡ ካብ ዓመት ንዓመት ለውጢ ዘይትርእሉ ኩነታት ብቅደም ተኸተል ኣሰራርዓ ውሳኔታት ጠለባት ውድባት ዘምጽኦ ጸገመ ከይኾነ ኣይተርፍን'ዩ ዘብል።

ምልካዊ ስርዓት ክሳብ ዝወድቕ ዝጥቀምሉ ሜላ ኣገባብን እንተኾይኑ'ውን እቲ ሓደጋ ገና ተንጠልጢሉ ከም ዘሎ ከርድእ ዝኽእል፡ ሓደ ሎሚ ዘሎ ኣቀራርባን ዝምድናታትን፡ ብኽመይ ስርዓት ህግዲፍ ከብ ስልጣን ተኣሊዩስ ብሓደ ጽባሕ ኩሉ ክዕረ ዝኽእል እዩ ዘብል፡ እሞ ዝዕረ እንተደኣ ኮይኑ ስለምንታይ ህዝብና ኣብ ዝመረረ ጽንኩር ኩነታት ንቲ ሜላ ንድሕነት ህዝብና ዘይንጠቀምሉ ዝብል ሓሳብ'ውን ክቀርብ ዝኽእል፡ እዋናዊ ዝቀረበን ዝቀለልን ፍታሕ'ዩ።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና

3 ሚያዝያ 2017